# ኣውራጃነት ልዕሊ ሃገር ኣይስራዕን።

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣውራጃ ልዕሊ ሃገር ሰሪዕካ ዝተገብረ ቃልሲ የለን። ኣብ ግዜ ቱርኪ፡ ጥልያን፡ እንግሊስ፡ ሃይለስላሴን፡ መንግስቱን ህዝቢ ብሓባር ንሓንቲ ኤርትራ ድኣንበር ነንኣውራጅኡ ካብ መግዛእቲ ነጻ ክኸውን ተቓሊሱ ወይ ሓሊሙዎ ኣይፈልጥን። እምነቱ'ውን ኣይኮነን። ድሕሪ ነጻነት እንተኾነ'ውን ነቲ ብኹሉ ኩርንዓት ከጋጥም ዝጸንሔን ዘጋጥም ዘሎን ተጻብኦታት "ሃገር ቅድሚ ኹሉን ልዕሉ ኹሉን" ኢሉ ብሓደ ኢድ ብሓደ ስጉምቲ ኣብ ምህናጻን ምሕላው ልእላውነታን፡ ለይትን መዓልትን ይቃለስ ኣሎ። ብፍላይ ሰራዊት ኤርትራ (ኣውሓስቲ ሃገር) ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ድሕነት ሃገርን ክብሪ ነጻነትን ባንደራን ከርፋሕ ናብራ እናሕለፉ ኣብ ዓለም መዋዳድርቲ ዘይብሉ ብጸላእትና ይኹኑ ብፈተውቲ ዝምስክሩሉ ሕሉፍ ተወፋይነት የመዝግቡ ኣለዉ። ጅግንነት መንእሰያትና ውርሻ ቀዳሞት እዩ። ኣብ ትሕቲ እዛ ስእሊ ዘሎ ጽሑፍ ንመልከት።



These men, who were led by Isaias Afawerki (yellow arrow), left ELF to create what would arguably be one of the greatest revolutions in modern times. **They rejected tribalism, religious fundamentalism and sexism. They believed in equality and in empowering women. But above all, they believed in self reliance.**

እዚኦም ደቂ ሓንቲ ሃገር ድኣንበር ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ወይ ብሄር ኣይኾኑን ንሓንቲ ሃገር ንሓንቲ ባንደራ ዝተቓለሱ። ንሕና ኤርትራውያን ዘሔብን ታሪኽ ኣሎና። ክንየተሉን ክነግረሉ ንዘይፈልጥ ከነፍልጠሉን ይግባኣና። ኣቶም መንእሰያት በዞም ዕርቃኖም ዝተቐልዑ በውራጃን ዓሌትን ሃማኖትን ዝተመራሰሑ ንታሪኽ ቃልሲ ኤርትራ ሓቅነቱ በሊሎም ድራር እለቶም ክቱኮበሎም ሽርዳዕዳዕ ዝብሉ

ዘለዉ ከተስተውዕሉሎምን ክትኩኑኑዎም ይግባእ። ረሳሕ ታሪኽ ኣብ ፈጻሚኡ ተደሪቱ ዝነብር ጥራሕ ኣይኮነን፣ ንውሉድ ዎሎዶ ርእሲ ዘሕክኽዩ። ኣድቖቕካ ዝጠሓንካዮን፡ ኣስትውዒልካ ዝተዛረብካዮን፡ እቲ ነይሓንቕ፡ እቲ ነየጋጊ እዩሞ ቅድሚ ብስሚዒት ሆሆ ኢልካ ደድሕሪ ሓላፍነት ዝጎዶሎም ኣድሓርሓርቲ ምስዓብ ኣቐዲምካ ምስትውዓል። ሎውጢ ከምጽእ ዝደሊ ኣብ መስርሕ ለውጢ መስቶም ሃገር ዝሃንጹን ዝከላኸሉን ዘለዉ በብዘለኻዮ ምስታፍ ድኣንበር ንወያነ ምርኩስ ገርካ ዝመጽእ ለውጢ ሳዕበኑ ከምዚ ኣብ ሆላንዲ ዝተራኣየ ተኸብኪብካ ናብ ካርሾሊ ወይ ከም ኣብ ስዊደን ዝተገብረ ኣዒንታካ ብጋስ ምዕዋር እዩ ውጺኢቱ።

ብሓቂ ነዞም ወረስቲ ሕድሪ በጃ ህዝቦምን ሃገሮምን ብስኒትን ፍቕርን ዝተመልመሉ መንእሰያት ምሰሉ።



ኣብነት እዞም ጀጋኑ ሃገር እናተኻላኸሉላ ዘልምዑዋ ዘለዉ ተኸተሉ።



ኣካል ናይዚ ንመሰሉን መንነቱን ብትብዓትን ንቕሓትን ኣብ ዝኸደ ከይዱ ድምጹ ብዓውታ ዘስምዕ ሓፋሽ ኩኒ።



ሞጎስ ነቲ ጸኒዑ ሃገር ዝከላለከን ጽሃንጽ ዘሎ መንእሰይ፡
ዓወት ንመንእሰያት ህግደፍ፡
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡ ዓወት ንሓፋሽ።